ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሬት ኣቑሑት ብፕሮፈርማ ኣዋዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 28, 2017 9:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 28, 2017 10:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/

ቁፅሪ: ፕሮ-14/03/17

ዕለት: 23/05/2017 ዓ/ም

ምልክታ ዋጋ መቅረቢ/ ፕሮፎርማ ቑፅሪ 03/17

ዝወፀ ምልክታ ፕሮፎርማ ዝርዝር ተደነፀላ ዋጋን ዘርኢ ሰደቓ ነዚ ቅጥዒ ዝመለአ ነጋዳይ ላይ ንብረትን ነጋዶ ዝመልእዎ መወዳደረ

ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ፅሬት ኣቑሑት ብፕሮፈርማ ኣዋዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ። ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትሳተፉ/ፋ ትኽእሉ/ላ።

መምርሒ ተወዳደርቲ/ተጫረቲ/

➢ በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድን ግብሪ ከፈላይ ቁፅሪ/TI/ ዘለዎ ምኻኑ መረዳእታ ዘቕርብ ፣ ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐት መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል።

➢ ሰዓራይ ምስ ተፈለጠ ካብ ዝተገለፀልኩም እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3' መዓልቲ: ብናይ ባዕልኹም ትራንስፖርት ናብ ኤጀንስና ክተቕርቡ ትኽእሉ ነጋዶ ንግዲ ፍቓድኹም፣ ናይ ግብሪ ክፋላይነት መለለይ ቁዕርኹምን ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐትኩምን ኮፒ ምስ መወዳደሪ ዶክመንትኹምን ብምትሕሓዝ ክትወዳደሩ ትኽእሉ ምኳንኩም እናገለፀና መወዳደሪኹም ሽምን ፊርማን፣ ኣድራሻን ናይ ትካልኹም ማህተምን ብምግባር ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ካብ ዕለት 23/05/2017 ዓ/ም ክሳብ 27/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 9:30 ድ/ሰዓት ክተቕርቡ/ክትወዳደሩ ትኽእሉ።

➢ እቲ ፕሮፈርማ ዕለት 27/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 10:00 ድ/ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ደጀን ቢሮ ቁፅሪ 1-06 ይኸፈት።

➢ ሰዓርቲ እተቕርብዎ ንብረት ቅቡል ዝግበር ኤጀንስና ብዝወከሎም ሰብ ሞያታት ተፈትሹ ብዝተጠየቐ ስፔስፍኬሽን ምኻኑ ምስ ተረጋገፀ እዩ። ካብቲ ዝተሓተተ ስፔሲፊኬሽን ወፃኢ ካሊእ ዓይነት ቀይርካ ዝምላእ ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘለዎን ተቐባልነት የብሉን።

> ኣብ ስቶር ኣቑሑት ዘይብሉ ተወዳዲሩ ሰዓራይ ዝኾነ ትካል ኣብ ስራሕና ንዝበፅሕ ምትእጉጓል ተጠያቂ ይኸውን፣ እዚ ሰነድ ጨረታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ፕሮፈርማ እዙይ ኣብ መንጎ ሰዓራይ ትካልን ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይን ከም ሕጋዊ ውዕሊ ኮይኑ ከም ዘገልግል ክትፈልጡ ይግባእ።

➢ ኤጀንስና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ጨረታ ፕሮፈርማ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

➢ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን እቲ ጨረታ ፕሮፎርማ ተራእዩ ሰዓራይ ካብ ዝተፈለጠሉ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸዉን፡

➢ ዝርዝር ተደላይ ንብረት ን ነጋዶ ዝመልእዎ መወዳደረ ነፀላ ዋጋን ዘርኢ ሰደቓ

ተቁ	ዓይነት ንብረት	እስፐስፊኬሽን	በዝሒ	መለክዒ ናይ ሓደ ዋጋ ብር	ጠ/ዋጋ ብር
1	ዓብይ ሶፍት	ዘይበንን ቀዳማይ ደረጃ	ቁፅሪ	40	
2	ኦሞ ፋስት ክሊን	ባዓል ሓደ ኪግ	ቁፅሪ	20	
3	ናይ ኢድ ሓፊስ ሳኒታይዘሮ	ቅብኣት(ጀል)	ቁፅሪ	15	
4	ሳምና ዱሩ	ዱሩ ንኡሽተይ	ብቁፅሪ	20	

ሸም

ፌርማ፡-

ዕለት-

ስልኪ ቑፅሪ __

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0342400527 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል። ኣድራሻመቐለ ዓዲ ሓቂ ደጀን ቢሮ - ቢሮ ቁጥር 1-06

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle